# IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ)

## ሓበሬታ ንወለዲ

**IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) ቤት ትምህርትን ስድራቤትን ዝዋስእሉ ናይ ንኡስ-ዞባ አስተርሹን መራኸቢ መድረኽ እዩ።**

ከም ወላዲ ኣብ IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) እዞም ዝስዕቡ ክትረክብ ትኽእል፤

- ካብ ቤት ትምህርትን ምምሕዳር ቈልዑን ትምህርትን ሓበሬታ ትረክብ
- ብኩሪት ውላድካ ተመልክት
- መደብ ናይ ውላድካ፡ ኣቴንዳንስ፡ ናይ ትምህርቲ ነጥብታቱን ወዘተን ክትርኢ ትኽእል
- ኣብ መንጎ ቤ/ትን ስድራቤትን ንዝካየድ ዕብየታዊ ዝርርብ ቆጸራ ክትሕዝ ትኽእል
- ንመምህር ናይ'ቲ ተማሃራይ ክትረኽቦ ትኽእል

## ነዚ IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) ኣበይ እረኽቦ?

IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) ኣብ መብዛሕተኣን ሞባይላት ክተውርዳ ትኽእል ኣፕ እያ። ኣብ'ታ ሞባይልካ ዘላ ፕሮግራማት ተውርደላ ኣፕ፡ "IST Home Skola" ኢልካ ብምጽሓፍ ነዛ ኣፕ ፈትሻ።

ኣብ ሞቢልካ ምስ ኣውረድካያ ባንክ-ኣይዲ(BankID) ገይርካ ሎግኢን ትገብር። ባንክ-ኣይዲ(BankID) እንተ ዘይብልካ በቲ ናይ ቤት ትምህርቲ Skol-ID(ስኩል-ኣይዲ) ገይርካ ትኣቱ። ናይ ቤት ትምህርቲ Skol-ID(ስኩል-ኣይዲ) ብቍጽሪ ተሌፎን 063-14 30 00 ወይ ኢሜል kundcenter@ostersund.se. ገይርካ ነቲ መቐበሊ ጋሻ ደዊልካ ሕተቶ።

በቲ Skol-ID(ስኩል-ኣይዲ) ሎግ-ኢን ክትገብር እንተ ደሊኻ ነታ *Annan metod* ምረጻ።

## መራኸቢ ሓበሬታኻ ኣሐድሶ

ሓደ ሓደ ግዜ ብኢመይል ወይ ብተሌፎን ምሳኻ ክንራኸብ ንደሊ ኢና። ኣብ'ታ ኣፕ፡ ኣብ ትሕቲ My Profile ኣብ ዝብል ዘሎ ሓበሬታኻ ትኽክል ምዃኑ ኣረጋግጽ። ገለ ጌጋ እንተሎ ክተዐርዮ ወይ ክትቕይሮ ትኽእል ኢኻ።.

## ብኩሪት ብኸመይ እሕብር?

ውላድካ ንሓደ ምሉእ መዓልቲ **ከቦክር እንተኾይኑ፡ ከላስ ቅድሚ ምጅማሩ** ክትሕብር ኣለካ። እንተበዝሐ **ናይ ዝመጽእ** ክልተ መዓል**ትታት ብኩሪት** ኣቐዲምካ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

ብኩሪት ድሕሪ ምሕላፉ ክተመልክት ምስ ትደሊ፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሶ።

ብኩሪት ንምሕባር ነታ ኣብ'ቲ ኣፕ *Frånvaro* ትብል ምረጻ። ድሕሪኡ ነቲ ብኩሪት ንምምልካት ነታ *"Anmäl frånvaro"* ትብል ጠውቓ። ድሕሪኡ እቲ ተምሃራይ ብኩሪት ዝጀምረሉን ዝውደኣሉን ሰዓታት ትመርጽ። እቲ ብኩሪት ምሉዕ መዓልቲ እንተኾይኑ፡ ድሮ እታ *Heldag* ትብል ተመሪጻ ኣላ። እቲ ብኩሪት ምሉእ መዓልቲ እንተ ዘይኮኑ ግን፡ ነታ ትጥወቕ ጠዊቕካ ነቲ ዝቐየር ትቕይሮ። ነዚ ምምልካት ቅድሚ ምልኣኽካ ብኩሪት ዝጀምረሉን ዝውደኣሉን መዓልቲ ኣረጋግጽ። ድሕሪኡ ነታ *skicka in* ትብል ጠውቓ።

ነዚ ምምልካት ምስ ለኣኽካዮ ክትቅይሮ ወይ ክትድምስሶ ኣይትኽእልን ኢኻ። ንምቕያር ወይ ንምድምሳስ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወከሱ።

ÖSTERSUNDS KOMMUN
STAAREN TJÏELTE

## ዘይፍቐድ ብኲሪት ብ ኤስ.ኤም.ኤስ(SMS) ገይርካ ሓብር

ውላድካ ብኲሪቱ ከይሓበረ ሓደ ምሉእ ኣስተምህሮ ምስ ዝሓልፎ፡ ኤስ.ኤም.ኤስ(SMS) ይመጸካ። ድሕሪኡ ምስቲ ቤት ትምህርቲ ክትራኸብን እቲ ሓበሬታ ከም ተቐበልካን ከተረጋግጽን ይግባእ። መልሲ እንተ ዘይሂብካ ግን እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ'ታ መዓልቲ እቲኣ ይውከሰካ።

## ስነዳ ተምሃራይ ኣብ IST Lärande

ኣብ IST Lärande ኣቲኻ ምህሮ ውላድካ ከመይ ይኸደሉ ከም ዘሎ ክትከታተል ትኽእል ኢኻ። ገለ ካብ'ቶም ክትገብሮም ትኽእል፤

- ዕማማትን ገምጋማትን
- ነቲ ተምሃራይ ዝግበርሉ ተወሳኺ ምምዕርራያት
- ዝተመደቡ ስጉምትታት

ቅድሚ ዕብየታዊ ዝርርብ ምስ ቤት ትምህርቲ ምክያዱ፡ ኣብ IST Lärande ኣቲኻ ክትዳለው ትኽእል ኢኻ።

ኣብ'ታ ኣፕ ናብ IST Lärande ተምረሓካ መራኸቢት ሊንክ ኣብ ትሕቲ *Övriga funktioner* ኣላትካ። ባን-ኣይዲ(BankID) ገይርካ ሎግ-ኢን ግበር።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) ብዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ረአ https://www.ist.com/sv/for-vardnadshavare

IST Home Skola(ኢኤስቲ ሆም ስኩላ) ብዝምልከት ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ነቲ መምህር ናይ'ቲ ተምሃራይ ተወከሶ።